# <u>ክነዲ-ሽሕ! ኣይትሙት</u>

ወሊዕኻያ እታ ርችት ምእንተሰላም ዲሞክራሲ፤
ፃዊዒት ወገንካ ንኽረክብ መልሲ

ኣቃሊስካ ነቲ ህዝቢ፤
ኣሚንሉ ካብ ብልቢ

ኮስኰስካዮ እቲ ሰገን፤
ተቐባሊ ሕደሪ ክኾን

ዓጢቕካዮ እቲ ብረት፤
ነቲ ብርየን ምስ ሰንሰለት

ሰጊርካዮ እቲ ሩባ፤
ዓሪድካሉ ነቲ ኩርባ

መሰስ ትብሎ ነቲ ዓቐብ፤
ብእዋኑ ንኽትርከብ

ወሪድካዮ ኢቲ ቊልቊል፤
ኣለኹልኩም ንኽትብል

መሪሕኻዮ ነቲ መድረኽ፤
ቀልቢ ህዝቢ ብዝማርኽ

ኣድሚቕካዮ ነቲ ጕይላ፤
ቐትሪ ውግእ ምሸት ዝላ

ዛዚምካዮ እቲ ቓልሲ፤
ዘሪእኻላ ሃገር ነበሲ

ነቲ ልምዓት ሓንፂፅካዮ፤
ኮኾብ ኮይንካ ኣስሊጥካዮ

እቲ ድግሪ ሰቒልካዮ፤
ነቲ ንግዲ ዉዒልካዮ

እዚ ኩሉ ካብ ሰራሕኻ፤
ሓደ ኣይኮንካነ ሽሕ ኢለካ።

ካብ Hara_Meret, *Jan. 25, 2010. መዘከርታ ንኣርቲስት ተጋደላይ እያሱ በርሀ*